REFLEKT

REPUBLIK

# ድሕሪ ንዓድኻ ምጥራዝ እንታይ ይስዕብ? እቲ ዘይተፈልጠ ድሕሪ እቲ ናይ እንቋዕ ብዳሓን መጻእካ ዘሎ ሽፋን

ስዊዝ ነቶም ዝተነጽጉ ዑቅበኛታት ኤርትራውያን ንዓዶም ንኽትመልስ ኩሉ ነገር ትጥቀም። ኣብኡ ግና እንታይ የጓንፎም ኣብ በርን ዝፈልጥ ዋላ ሓደ ሰብ የለን። ሕጂ ግና ኣብኡ እንታይ ከም ዘጓነፎም ኤርትራውያን ይዛረቡ። እንደገና ናይ ዉልቐ-መላኺ፣ ክፋል 1

ትንተና ካብ www.reflekt.ch ክርስትያን ዛየርን (ጽሑፍ) ፍሎርያን ሽፕሪንግ (ኣሳእል)፣ ናይ ዕለት 08.04.2020



ጽስስ
እቲ ርክብ ድሕሪ ነዊሕ ምቅርራብ ኣብ ተግባር ክዉዕል ክኢሉ፡ ተስፋይ ንኸንቱ ኣብ ስዊዝ ዑቅባ ሓቲቱ፣ ንኤርትራ ደምለስ - ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ድማ እንደገና ይስደድ።

እንተኾነ ተስፋይ ካብ ኤርትራን ስዊዝን ከነ-ጭራሱ ተስፋ ኣይነበሮን። <<ኣነ ተስፋ ቆሪጸ እየ፣ ናብራ እዉን ኣጽሊኡኒ። በዚ ምኽንያት ድማ ጥቃ ኣምላኸይ ክኸዉን ደልየ>>፣ ንሱ ይብል። ካብ ስበ ክርሕቅ ይደሊ፣ ኣብ ሓደ ድብሪ ሰላም ክረክብ ይደሊ፣ ብዛዕባ እቲ ኹሉ ፍሽለትን ዘይሰለጠ ጕዳይን ክዛረብ ኣይደልን።

እንተኾነ ግና ልክዕ ከምቲ ንባእሉ ዝረከበቶ ንወዱ‘ዉን ኣንጸላልይዎ፡ ካብ ስዊዝ ንኽጥረዝን ናብ ናይ ኤርትራ ዉልቀ-መላኺ ንኽምለስን። በዚ ምኽንያት ድማ ሕጂ ተስፋይ ኣብዚ ባጾ ኣደራሽ ይርከብ፣ ኣብ ሓንቲ ንእሽቶይ ሆቴል ኣብ ላዕለዋይ ደርቢ። ንመጨረሽታ ግዜ ታሪኹ ንኸዕልል መጸ።

ስለምንታይ ንስዊዝ ተሰዲዱ።

ስለምንታይ‘ከ ብድሌቱ ናብ ዊልቀ-መላኺ ተመሊሱ።

ስለምንታይ‘ከ እንደገና ካብ ኤርትራ ወጺኡ።

ነቲ ተኸታታሊ ትንታኔ ብዝምልከት

ኤርትራ፣ ነቲ ናይ ስዊዝ ፖለቲካዉን ፍትሓዉን ማሕበራዉን ኩነታት ካብ ዓመታት ኣትሒዛ ተዛርቦ ዘላ፣ ሰለስተ ምኽንያት ኣለዎ

- ቐዳማይ፣ ኤርትራ ካብ 2011 ጀሚራ ብዘይምቑራጽ መበቆል ናይቶም ከንዲ ሃተተቲ ኡኩባ እያ። ኣብዚ እዋን እዚ 40000 ዝኾኑ ዑቅባ ሓተቱ።
- ካላኣይ፣ ብልክዕ ክሳዕ ክንደይ እቲ ሰብኣዊ-መሰላት ኣብ ኤርትራ ኣሸጋሪ ምዃኑ ዘካትዕ እዩ ከምኡ'ዉን እቶም ስዊዝ ዝነጸገቶም እንታይ ይጽበዮም። ሕጂ'ዉን ከም ቀደም እቶም መብዛሕትኦም ኤርትራዉያን ኣብ ስዊዝ ተቀባልነት ወይ'ዉን ግዝያዊ መንበሪ ይረኽቡ። እንተኾነ ግና ካብ 2016 ጀሚሩ እቲ ናይ ስደተኛታት ቤት ጽሕፈት (SEM) እንዳጸንከረን ንመብዛሕትኦም ድም ክነጽጎምን ይርኤ ኣሎ። ካብዚ እዋን እዚ ንዳሓር ድማ 3000 ኤርትራዉን ካብ ስዊዝ ክወጹ ተገዲዶም ኣለዉ። ስዊዝ ምስ ጀርመንን ዓባይ-ብሪጣንያን ክትወዳደር እንከላ እቲ ናብ ኤርትራ ምምላስ ብዙሕ ኣጸጋሚ ጌራ ኣይትርእዮን።
- ሳልሳይ፣ እንተኾነ ግና ዋላ ሓደ ኤርትራዊ ንዓዱ ዝምለስ የለን። ብድሌቶም ዝምለሱ ብጣዕሚ ዉሑዳት እዮም፣ ነቶም ብዘይ ድልየቶም ብሓይሊ ናብ ነፋሪት ዝስቀሉ ድማ እቲ ኣብ ኣስመራ ዘሎ መንግስቲ ኣይቅበሎን እዩ።

ስለዚ ስዊዝ ንብዙሓት ሰባት ትነጽግ፣ እንተኾነ ግና ካብ ሃገር ንኽወጹ ክትግድድ ኣይትኽእልን። እዚ ድማ ከምዚ እዩ፣ ሓደ ሰብ ንቀይዲ እንተ ተፈርደስ፣ ኣብ ቀይዲ ይኣቱ'ዶ ወይስ ኣይኣቱን ባዕሉ ዝዉስን እንተኾነ ማለት እዩ።

# ሓንቲ ኣየር ትኬትን ኣሸሓት ፍራንክን ድማ ብጥሪ

ሳዕቤን ናይዚ ድማ፣ መብዛሕትኦም እቶም ዝተነጽጉ ዑቅበኛታት ኩሉሳዕ ይሕብኡ፣ ኣብ ካልእ ሃገራት ይኸዱ ወይ ድማ ኣብዚ ኣብ ስዊዝ ኣብ ህጹጽ ሓገዝ ይወድቑ። 2017 ኤርትራዉን እቲ ዝዓበየ ቑጽሪ ካብቶም ኣብቲ ናይ ህጹጽ ሓገዝ ዘኣተዉ ኔሮም። እቶም ንምባር ኣድላዪ ጥራሕ ዝኾነ ነገራት ዝወሃቦምን ኣብ ዉሱናት መዓሳክርን ክነብሩ ዝተገደዱን። 2018 800 ነይሮም። እዚኦም ድማ ዋላ ሓንቲ ናይ ስራሕን ተዋህዶን ተኽእሎታት የብሎምን።

ልክዕ እዚ ድማ እቲ ወዲ ተስፋይ ዘለዎ ኩነታት እዩ። ከምኡ'ዉን ካልኦት ክልተ ሰባት ካብ ስዊዝ ዘይወጹ፣ ንኤርትራ ከም ገለ ገሮም ንኽመለሱ ኩሉ ግዜ እቲ ጠለብ እንዳ ዓበየ ይመጽእ ኣሎ። ወይ ድማ ንኽግደዱ። <<ገለ ቁሩብ ገንዘብ እንተ ንቕርብ ኔርና፣ እዞም ሰባት ብዓሰርተታት ኣሸሓት ብድሌቶምን ብኽብርን ንዓዶም ምተመልሱ ኔሮም ይመስለኒ ትብል>> እታ ናይ ህዝባዊ ፓርቲ ኣባል ባይቶ ዝኾነት ባርበራ ሽታይነማን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንሩንድ-ሾዉ። <<እቲ ማእከላይ መንግስቲ፣ እተን ካንቶናት ነቶም ዝተነጽጉ ኣብ ዓዶም ናይ ምምላስ ሓላፍነት ከም ዝወስዳ ክገብር ኣለዎ>>፣ እቲ ምኽትል ፕረሲደንት ናይ ካንቶናት ሕብረት ናይ ፈለሳ ቤት ጽሕፈት ዝኾነ ኡርስ በትሻርት፣ ይብል ኣብቲ ምስ NZZ ዝገበሮ ዝርርብ። ቶኒ ሎኸር ኣብ ስዊዝ ናይ ክብሪ-ቁንስልን ኣፈኛ ናይ መንግስቲ ኤርትራን ዝኾነ ድማ ኣብቲ ናይ ሰንበት ጋዜጣ ከምዚ ይጠልብ፣ <<እቲ ማእከላይ መንግስቲ ብዝቀልጠፈ ናብ ኤርትራ ናይ ብድሌትካ ምምላስ ኩነታት ከመዓራሪ ኣለዎ።>>

ኣብዚ ግዜ እዚ ምስ ኤርትራ ናይ ምምላስ ዉዑል ንኽግበር ዋላ ሓደ ዘኣምን የለን። እቲ ናይ ስዊዝ ቤት-ጽሕፈታት ግና እቶም እተነጽጉ ዑቅበኛታት ብድሌቶም ንኽምለሱ ገለ ጸቅጢገብሩ ኣለዉ። ብሓደ ሸነኽ ነቶም

ዝምልከቶም ኣካላት እቲ ናብራ ኣብ ስዊዝ ከም ዝጽንክሮም ይግበር፣ ነዚ ብዝምልከት ድሒርና ብዝያዳ ክንገልጾ ኢና።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ ነቶም ብድሌቶም ናብ ኤርትራ ዝምለሱ፣ ናጻ ኣየር ትኬትን ከምኡ'ዉን 3000 ክሳብ 5000 ፍራንከን ብጥረ ገንዘብ ይወሃቡ። ኣብ መጀመርያ ዓመት እቶም እተነጽጉ ዑቕበኛታት ኣብ ካንቶን በርን ሓደ ቐረብ ተገይርሎም፣ እቲ ክሳብ ዕለት 15 መጋቢት ብድሌቱ ንኽምለስ ዝተመዝገበ፣ <<ኣብ እዋን ምምላስ ብዝሕ ዝበለ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክግበሮ ከም ዝኽእል>> ተሓቢሩ። እዚ ቐረብ እዚ ግና ክሰርሕ ኣይከኣለን። <<እቲ ቐረብ ብሓፈሻ ጠለብ ኣይረኸበን>>፣ ነዚ ድማ እቶም ናይ ንምምላስ ዘማኽሩ ናይ ካንቶን በርን ብዝተሓተትዎ መሰረት ብጽሑፍ ይምልሱ፣ <<ካብ ኤርትራውያን ዝኾነ ዝምዝገብ ኣይረኸብናን>> ይብሉ።

እንተኾነ ንኤርትራ ምምላስ እንታይ ማለት እዩ? ነቶም ሰባት፣ ነቶም ካብኡ ዝሃደሙ ንምኺኑ ይካኣል'ዶ? ኣብቲ ዉልቐ-መላኺ'ኸ እንታይ ይጽበዮም?

## <<ኣነ ኣይተዓወትኩን>>

ተስፋይ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2019 ንግሆ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብቲ ዝነበርናዮ ሆቴል መቀበሊ ኣጋይሽ ክመጸና እንከሎ ሓደ ናይ ባሕታዊ ጻዕዳ ነጸላ ተኸዲኑ ነበረ። ካብቲ ኣብቲ መቀበሊ ኣጋይሽ ዘሎ ሊፍት ተሰቂሉ ክሳብ ሓሙሻይ ደርቢ ወጺኡ ኣብቲ ንቦሌ ገጹ ዘርኢ መስኮት ደዉ በለ፡ ሰፊሕ ጽርግያታት፣ ንኣሽቱ እንዳ ካፈ (ቡን)፣ ናይ ዕደጋ ማእከላትን ብዙሕ ቦታ ህንጻን፣ ኣብዚ ድማ መብዛሕኤን ናይ ቻይና ትካላት ሰማይ ጠቀስ-ፐላሶታት ይሃንጻ። ተስፋይ ግና ናይዚ ዝርኤ ነገራት ድሌት የብሉን። እዚ ሰብኣይ ኣብ መፋርቕ ሓምሳታት ኣብቲ ጥቕኡ ዘሎ መብዓሊ ቦታ ንኽኣቱ ይህወኽ። ኣብዚ ድማ ኣብዘን ዝስዕባ ክልተ ሰዓታት ብዛዕባ ሂወቱ ክዛረብ እዩ - እንተ ወሓዳ ካብኡ እቲ ዝጸንከረ ሸነኽ።



ኣብቲ ብተዛማዲ ጸጥታ ዘለዎ ጎረበት ሃገር፡ ኢትዮጵያ ኣዲስ ኣበባ

ኣስታት ንኽልተ ወርሒ ዝኸዉን ነዚ ርክብ ተቀራሪብናሉ፣ እምነት ከም ዝሓድር ጌርና ከምኡ'ዉን እቲ ዝተመልሰ ተስፋይ ታሪኹ ሽሙ ብዝተዓቀበ መንገዲን ካብ መንግስታዊ ትካላት ብዘይ ፍርሀን ከዕልል ምእንቲ ንክኽእል። እንተኾነ ግና ኣብ መጀመርታ ደቃይቕ ጥንቀቕ ኢሉ ኔሩ፣ ሓጺር መልስታት ይምልስ ከምኡ'ዉን ብዛዕባ ወዱ ንዝቀረበሉ ሕቶታት ንኽምልስ ፍቓደኛ ኣይነበረን።

ብልክዕ ግና ተስፋይ ምሳና ንኽዛረብ ምኽንያት ኔርዎ፣ ወዱ ኣብ ስዊዝ ብዛዕባ ናይ ዑቕብኡ ጉዳይ ዝምልከት ናይ መንጸግቲ ዉሳኔ መጺእዎ በዚ ምኽንያት ድማ ካብቲ ሃገር ንኽወጽኣ ይግደድ ኣሎ። ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ናይ ስደተኛታት ኣብቲ ዉሳኔ ከምዚ ይብል፣ እቲ ኣቦ ኣብ ኤርትራ ተመሊሱ ይነብር ኣሎ። ተስፋይ ግና ከም መነኮስ ኮይኑ ኣብ ጎረበት ሃገር ይነብር ከም ዘሎ ክገልጽ ደደሊ፣ እቲ ዝበሃል ሓቂ ከም ዘይኮነ። እንዳ ጸንሐ መልሱ ስፍሕ እናበለ መጸ። ሓንሳብ ጥራሕ ሕንቅንቕ ኢሉ። <<ኣነሲ መንግስቲ ስዊዝ ንኽቅበለኒ እቲ ዝካኣለኒ ጌረ>>፣ ይብል እቲ ዓቢ ሰባይ። <<ግን ኣይተዓወትኩን ኣነ ፈሺለ። ሕጂ ድማ

ኩሉ ቤተ-ሰበይ በዚ ደሳቀ ኣሎ።>> ድሓር ድማ ከበኪ ጀሚሩ።

## ምልካዉነትን ናይ ተገድዶ ሽቅለትን

ኤርትራዉያን ካብ ሃገሮም ንኸወጹ ፍቃድ የድልዮም። መንግስቲ ኤርትራ ብተደጋጋሚ እቶም ስገረ-ዶብ ዝወጹ ንሃገሮም እንተ ተመልሱ ካብ መቅጻዕቲ ናጻ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ይገልጽ፣ እዚ ግና ዝተወሰነ ቅድመ-ኩነት እንተ ኣማሊኦም እዮም። ንኣብነት ንዳግመ ህንጻ-ሃገር ቀረጽ ክኸፍሉ ኣለዎም ወይ'ዉን ናይ ጣዕሳ ወረቀት ክፍርሙ ኣለዎም፣ እዚ ድማ ጥፍኣተኛ ምዃንካ ምግላጽ ማለት እዩ። ኢቲ ስግረ-ዶብ ብሕጊ ስለ ዘቅጽዕ፣ ከምቲ ናይ ኤርትራ መንግስታዊ ትካላት ዝብልዎ፣ ኣብ ገለ ኩነታት <<ሚዛናዉን፣ ቀሊል መቅጻዕትን>> ክስዕብ ይኽእል።

እተን ናይ ስዊዝ መንግስታዊ ትካላት ድማ ኣብዚ መርትዖ እዚ ይጽጋዓ። ካብ 2016 እቲ ናይ ስዊዝ ናይ ስደተኛታት ቤት ጽሕፈት ኣብ ስዊዝ ከም ስደተኛ ተቀባልነት ንኽህልወካ ነቲ ስግረ-ዶም ከም ምኽንያት ኣይቀበሎን። እቲ ናይ ስደተኛታት ቤት ጽሕፈት ገለ ዝሃደሙ ሰባት ብድሌቶም ከም ተመልሱን ኣብ ኤርትራ ድማ ካብ ሚዛናዊ ዘይኮነ መቅጻዕቲ ዘፍርህ ከምዘይብሎም ይገልጽ።

<<ኤርትራዉያን፣ ኢቶም ናይ መምለሲ መምርሒ ዝተቀበሉ፣ ኣብ ዝኾነ ግዜ ብድሌቶም ክምለሱ ይኽእሉ>>፣ ይብል እቲ ናይ ስደተኛታት ቤት ጽሕፈት ሓላፊ ማርዮ ጋቲከር ኣብቲ ምስ NZZ ብ-2019 ዝገበሮ ዝርርብ። ኣብ ዝቀረበሉ ሕቶ ድማ እቲ ናይ ስደተኛታት ቤት ጽሕፈት ኣፈኛ ዳንኤል ባኽ ከምዚ ኢሉ ይምልስ፣ ዝኾነ ናይ ዑቀባ ሕቶ፣ ብጽፉፍን ብዉልቃዉነትን ይምርመር። እቲ ናይ ምምላስ ሓበሬታ ዝወሃቦም፣ ነቶም እቲ ናይ ስደተኛታት ቤት ጽሕፈት ነቶም ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ሃገሮም እንተ ተመልሱ ጭቡጥ ዝኾነ ሓደጋ ከጓንፎም ኣይክእልን እዩ ኢሉ እንተወሰነ እዩ።

እዚ ግና ነቲ ኩነታት ናይ ኤርትራ ዝንቡዕ ዝኾነ ኣረኣእያ ምዃኑ እቲ ንማሕበራዊ-ረብሓ ናይ ስዊዝ ሓባራዊ ትንታኔ ነጸብራቅ ብሓባር ምስ ረፐብሊክ_ዝቀረበ ዳግማይ ታሪኽ ይሕብርን የረጋግጽን።

ተስፋይ ግና ነቲ ኣብ ስዊዝ ቤላ-ቤለዉ ዝበሃል ብግሉጽ ዝተዛረበ እቲ ቀዳማይ ኤርትራዊ፡ ነቲ መጀመርታ ካብ ኤርትራ ዝሃደመን ደጊሙ ዝተመልሰን እንታይ የጓንፎ? ናቱን ናይ ካልኦት ኣርባዕተ ታሪኽን ብዛዕባ ናይ ስዊዝ ናይ ዑቀባ ክዉንነት ጽቡቅ ኣይረኣኤን።

ዋላ'ኳ ገለ ናይ ምኽፋት ምልክታት እንተሎ፣ ኤርትራ ገና ሓንቲ ካብተን ኣብ ዓለም ብጽኑዕ ተሓጺረን ዘለዋ ሃገር እያ። ዝርኤ ነገር እንተሎ እታ ሃገር ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ኩነታት ገለ ናይ ምዕባሌ ዕላማታት ክትወቅዕ ምኽኣላ እዩ - ብፍላይ ድማ ኣብ መዳይ ጥዕናን ትምህርትን።

ብኑጹር ዝርኤ ነገር እንተሎ'ዉን፣ ሓንቲን እንኮን ሰልፊ ብሓጺናዊ ሓይሊ ትገዝእ ከም ዘላ እዩ። እቶም ህዝቢ እቲ ግዱድ ሃገራዊ-ኣገልግሎት ክሳብ መዓስ ክገብሩ ከም ዝግደዱ ኣይፈልጡን እዮም፣ እዚ ድማ ብዓይኒ ዓለማዊ ሕጊ ከም ግዱድ ሽቅለት እዩ ክርኤ ዝኽእል (ነዚ ብዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ሳልሳይ ክፋል)። ዝኾነ ዝቋወም ፖሊቲካዊ ሓይሊ ይድቆስ ከምኡ'ዉን ናይ ሜድያን ናጻ ሓሳብን የለን።

በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ዘሓለፈ እዋን ብዙሓት ጋዘጠኛታትን ፖሊቲካዉያንን ብዘይ ዝኾነ ፍርዳዊ መስርሕ ኣብ ቀይዲ ተዳጒኖም። ብዙሓት እቶም ዝተኣስሩ'ዉን ኣበይ ከም ዘለዉን፣ ብሂወቶም ከም ዘለዉን ኣይፍለጥን። እዚ መሰል-ሰብኣዊ ግህሰት ከም ዘሎ ድማ ብዝኾነ እቲ ብዛዕባ ኩነታት ኤርትራ ርክብ ዘለዎ ዘበለ ብዋላ ሓደ ኣሉታዊ መርትዖ ኣይተዋህቦን። እቲ ብዙሕ ንጹር ዘይኮነ፣ እቲ ክብደቱን ብኸመይ ዓይነት ኣገባብ ከም ዝትግበርን እዩ።

ነቶም ብጣዕሚ ቁሩባት ገዲፍካ፣ እቲ ግምት ናይ ሰብኣዊ-መሰላት ኩነታት ብሓበሬታ ናይ መሰኻኽር ዝተደገፈ እዩ።

ዉንጀላታት ናይ ስቃይን ምግዳድ-ሽቅለትን፣ ስልታዊ ዝኾነ ምክልባትን ቅትለት ብዘይ ፍርድን ኣሎ - እንተኾነ ግና ዝኾነ ዓይነት መርትዖ ናይ ሰነዳትን ኣሳእልን ወይ'ዉን ቪድዮታት የለን። ብተወሳኺ ኤርትራ ንናይ ዓለም ለኻዊ ተዓዘብቲ ኣብ ቤት ማእሰርታ ምብጻሕ ንኸይገብሩ ትኽልክልን እተን ናጻ ማሕበራት ድማ ነቶም ሃዲሞም ንሃገሮም ዝተመልሱ ኤርትራዉያን ኣብ ዘለዉዎ ንኽዕዘብዎም ዘይካኣል እዩ።

# እንታይ ከም ዝኸዉን ዋላ ሓደ'ኳ ዝፈልጥ የለን

ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ኣብቲ ጸብጻቡ ኣብ ገጽ 12 ኣብ መጨረሽታ ከምዚ ይብል፡ <<ኣብ ርእሲ እቶም ንዓዶም ዝተመልሱ ስደተኛታት ከግበር ዝኽእል ሓለዋ የልን። እዚ ማለት ድማ እቲ ቀንዲ ሓበሬታ ከም ዝጎድል እዩ ዘርኢ>> ከምኡ'ዉን ኣብ ገጽ 61፡ <<ሓደ ምንጪ'ዉን ከም ዝሕብሮ፣ ከም ዝበሃል ገሊኦም ተኣሲሮም ገሊኦም ድማ ኣይተኣስሩን። ኣብቲ መብዛሕቱ ኩነታት ግና ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ ከም ዘየለ እዩ።>> (እዚ ናይ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ጸብጻብ ብናይ ኤዉሮጳ ናይ ዑቅበኛታት ቤት ጽሕፈት ዝተዘርገሔ እዩ።)

ኣብ ዓመት 2015ን 2016ን መንግስቲ ኤርትራ ኣብ መንጎ እቶም ብድሌቶም ዝተመልሱን ናይ ኤዉሮጳ ልኡኻትን ዝርርብ ኣካይዱ ኔሩ - ኣብ መንጎም እዉን ሓደ ናይ ስዊዝ መርትዖ ዝድህስስ ሽማግለ ተሓዊስዎ ኔሩ። ወከለቲ ናይቲ መንግስቲ ኔሮም፣ ዝሕተቱን ተርጎምትን እዉን ኣዳልዮም ኔሮም። ቤት ጽሕፈት ናይ ስደተኛታት ባዕሉ ኣብ ዝጻሓፎ፣ እቲ ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ብጥንቃቄ ክርኤ ዘለዎ እዩ ይብል። እቲ ዝነበረ ድሌት ምስቶም ካብ ስዊዝ ዝተመልሱ ንምዝርራብ ተነጺጉ።

ኣብ ኤርትራ ናጻ ዝኾነ ሓበሬታ ንምርካብ ስለ ዘጸግም፣ ነዚ ትንታኔ ንኸንገብር ናብ ጎረበርት ሃገር ኢትዮጵያ ተጓዒዝና። ኣብዛ 112 ሚልዮን ተቐማጣይ ዘለዋ ሃገር፣ ዳርጋ ሓደ ሲሶ ዝኸዉን ናቶም 500,000 ስደተኛታት ኤርትራዉያን ይነብሩ። እዚ ድማ 10 ሚእታዊ ናይቲ ህዝቢ ማለት እዩ (5,1 ሚልዮን)። እቲ ናይ ክልቲኦም ሃገራት ባህሊ ብዙሕ ይቀራረብ እዩ፣ ኢትዮጵያ ድማ ነቶም ስደተኛታት ኤርትራዉያን ማዕጾኣ ክፉት እዩ። ኣብዚ ድማ ነሶም - ካብ ጽቅጠት ናይ ምዕራባዊ ናይ ዑቅባ ቤት ጽሕፈትን ናይ ሃገሮም መንግስትን ናጻ ኮይኖም ዓዉ ኢሎም ብዛዕባ ዓዶም ክዛረቡ ይኽእሉ።

# ክልተ ዓመት ትጽቢት፣ ክልተ ዓመት ቃልሲ

ተስፋይ ንመጀመርታ ግዜ 2014 ምድሪ ስዊዝ ረገጸ። ብሱዳን፣ ሳሃራ፣ ሊብያ፣ ማእከላይ ባሕሪን ዓዲ-ጥልያንን ኣቢሉ ንመጀመርታ ኣብ መቀበሊ ማእከል ኪኣሶ ኣተወ፣ ድሕሩ ድማ ግዝያዊ ማእከል ፍሪደክ ኣብ ቡኽ-ሻፍሃዉሰንቐጺሉ ድማ ኣብ መዓስከር ዑቅበኛታት ኖይንኪርኽ-ሻፍሃዉሰን ኣተወ። ኣብዚ ድማ ኣርባዕተ ዓመት ተቐመጠ። እተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ክሳብ ናይ ዑቅብኡ ጉዳይ ዝዉሰን ተጸበየ፣ እተን ዝተረፋ ክልተ ዓመት ድማ ኣንጻ እዚ ዉሳኔ ይቃለስ ኔሩ። ምኽንያቱ ድማ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ንተስፋይ ከም ናይ ፖሊቲካ ዑቅበኛ ኣይረኣዮን፣ ናይ ዑቅባ ሕቱኡ ነጺግዎ ግና ብሰብኣዊ-መሰል ምኽንያት ማለት ንግዚኡ ከም ተቀበልዎ ወጻእተኛ ኣብ ስዊዝ ክነብር ይኽእል።

እዚ ድማ ነቲ ናብራ ብዙሕ ግዜ የጸግሞ ኔሩ። መጀመርታ በቲ ዘለዎ ወረቐት ስራሕ ክረክብ ኣይክእልን ከምኡ'ዉን ትሑት ናይ ግብረሰናይ ሓገዝ ይወስድ። ካላኣይ'ዉን እቶም ንግዚኡ ተቀባልነት ዝረኸቡ ናይ ቤተ-ሰብ ጥርናፌ ክገብሩሉ ዝኽእሉ መንገዲ ብጣዕሚ ድሩት እዩ። ተስፋይ ዝበለጸ ተቐባልነት ንኽረክብ እናተቓለሰ እንከሎ ወዱ ካብ ኤርትራ ይስደድ። ኣብኡ በቲ ዕላዊ መንገዲ

ንስዊዝ ክእትዎ ስለዘይካኣለ በቲ ሓደገኛ መንገዲ ማለት ብሳሃራን ማእከላይ ባሕርን ይመጽእ።

ሳልሳይ ድማ በቲ ዘለዎ ናይ መንበሪ ወረቀትን ጽግዕተኛ ናይ ግብረ-ሰናይ ሓገዝ ብምኳኑ ነሱ ዝነብረሉ ቦታ ባዕሉ ክመርጽ ኣይክእልን እዩ። <<ኣነ ብዕድመ ዝደፋእኩ ሰብ እየ በዚ ምኽንያት ድማ ቤተ-ሰበይ የድልየኒ እዩ>>፣ <<በዚ ምኽንያት ድማ ምስ ወደይ ክነብር ይደሊ እንተኾነ ግና ነሶም ኣየፍቀዱልናን።>> ይብል ነሱ።



ተስፋይ ምስ ጻዕዳ ናይ መነኮስ ነጸላ። ንካልኣይ ግዜ ካብ ኤርትራ ድሕሪ ምህዳሙ ሕጂ ኣብ ሓደ ናይ ኢትዮጵያ ደብሪ ይነብር።

ኣርባዕተ ዓመት ኣብ ስዊዝ ድሕሪ ምቕማጡ ተፋይ ተስፋ ቖሪጹ። <<ኣነ ስለ ዝኸፋኣኒ እየ ወጺኢ>>፣ ነሱ ይብል <<ኣነስ ይገርመኒ፣ ኣብቲ ዓዲ ሕግን ዲሞክራስን ዝሰፈኖ ከምዚ ምኳኑ።>> በዚ ምኽንያት ድማ ብድሌቱ ንኽምለስ ይዉስን ብናቱ ዓይኒ ድማ ከም ንኡስ ክሳራ ጌሩ ይወስዶ፣ ካብ ሓንቲ ነገር ክትገብር ዘይምኽኣልን መጻኢ ዕድል ዘይብሉን ዉልቀ-መላኺ ይሓይሽ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ከም ተስፋይ ካልኦት 150 ኤርትራዉያን ብስሩዕ መንገድን ብድሌቶምን ካብ ስዊዝ ወጹ - ክንዳይ ካብኣቶም ብሓቂ ኣብ ሃገሮም ከም ተመሊሶም ቤት ጽሕፈት ናይ ስደተኛታት ክነግር ኣይካኣለን።

# ኣብ ኤርትራ ምስ ኣተወ ኣብ ካላኣይ መዓልቲ ደብዳቤ ትመጽእ

ተስፋይ ብወርሒ ሰነ 2018 ካብ ዙሪክ ብእስታንቡል ኣቢሉ ኣብ ናይ ኤርትራ ዋና ኸተማ ኣስመራ ኣተወ። <<ሓዘን ተሰሚዑኒ፣ ቁሩብ ፍርህን ተስፋ-ቀቢጽነትን>>፣ ከም ተሰምዖ ይዝክር። ነሱ ንኢትዮጵያ ንክኸይድ ምመረጸ፣ እንተኾነ ግና ከም ኤርትራዊ ዜጋ ብዘይ ፓስፖርት እዚ ዕድል የብሉን።

ተስፋይ ንመጀመርታ ግዜ ድሕሪ ስደቱ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ወተሃደራዊ ክዳን ዝለበሱ ደቂ ዓዱ ይርኢ። መንነቱ ሓቲቶሞ፣ ካበይ ከም ዝመጸ ክፈልጡ ደለዩ፣ መን ከም ዝበሃልን ኣበይ ክነብር ከም ዝኾነን ሓተትዎ። ተስፋይ ድማ ናይ ሓዉ ኣድራሻ ሃበ። <<ኤርትራ ብዕሊ ሰላም ኢላትኒ>>፣ ይብል ነሱ። <<እዚ ድማ ናቶም ስልቲ እዩ። ኣብ መዕርፎ-ነፈርቲ ብዙሕ ዓዉ-ዓዉ ኣይገብሩን እዮም። ንሶም ይፈልጡ እዮም ዳሓር ክረኽቡኻ ምኳኖም።>>

ጽቡቅ ከይተሰምዖን (ሕርኽርኽ) ኣብቲ ሓዉ ዝቕመጦ ዓዲ ተጓዕዘ ኣብኡ ድማ ድሕሪ ዓመታት ቤተ-ሰቡ ይረክብ። ኣብኡ ድማ ናይቶም መጸዋዕታ ዝተገብረሎምን ኣብቲ ዘፍርህ ቤት ማእሰርቲ ናይ ዝተዳጎኑን ታሪኽ ናይ ዝተመልሱ የዕልልዎ። ኣብ እንዳ ሓዉ ካብ ዝምለስ ኣብ ካላይ መዓልቱ፣ ሓንቲ ከቢብ ሰማያዊ ማሕተም ዘለዋ ደብዳቤ ናይ ምምሕዳር ደቡብ ትጸንሖ። ሓደ ናይ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ሰራሕተኛ ዘምጽኣሉ። ነሳ ድማ ሓንቲ ብኮምፑተር ዝተጻሕፈት ሓጻር ሓበሬታ ኔራ፣ <<ሓደራኻ ብዝቐልጠፈ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ምጻእ።>>

ተስፋይ ነታ ደብዳቤ ምስ ኣንበባ ሰንበደ። ንሱ ዋላኳ ምስ ስድራ-ቤቱ ክነብር ይድለ ዳኣ እበር ኣብታ መዓልቲ ኢቲኣ ካብ ኤርትራ እንደገና ክወጽኢ ወሰነ። ብለይቲ ድማ ነቲ ዶብ ሰገሮ፣ እንተኾነ ግና ከምቲ ቀዳማይ ስደቱ ሕጂ ዝኾነ ዕላማ የብሉን። ምኽንያቱ ድማ ዝሓሸ ናብራ

ናይ ምርካብ ተስፋ ስለ ዝቖረጸ፣ ኣብ ሓደ ገዳም ኣተወ። <<ናይቲ መንግስቲ ጻዉዒት እንተ ዝቕበሎ ኔረ፣ ሕጂ ኣብዚ ኮፍ ኢለ ምሳኹም ከዕልል እንበይ ከኣልኩን ኔረ>>፣ ይብል ነሱ። <<ክኣስሩኒ ድዮም፣ ክቀትሉኒ ድዮም ወይስ ወተሃደር ክገብሩኒ ኣይፈልጥን እየ። ጽቡቕ ከም ዘይጽበየኒ ግና ይፈልጥ እየ። በዚ ምኽንያት ድማ እየ እንደገና ዝሃደምኩ።>>

# ሓሙሽተ ዝተመልሱ እንተኾነ ግና መወዳእታኡ ሕማቕ

እዚ ንተስፋይ ጥራሕ ዘጓነፈ ኣይኮነን። ኣብ መንጎ ኣዋርሕ ካልኦት ዝተመልሱ'ዉን ረኺብና - ብዙሕ ታሪኽን ብሂልን'ዉን ረኺብና። ሓሙሽተ ካብኣቶም ሓቂ ክኸዉን ከም ዝኽእል ክነጻርዮምን ክነረጋግጾምን ኪኢልና።

ናይ ክልተ ሰባት ካብ ስዊዝ ንኤርትራ ዝተመልሱ ግና ዝኾነ ደሃይ የብሎምን፡

- እቲ ቀዳማይ ብዛዕባ ሓደ መንእሰይ ጉዳይ ዑቕብኡ ኣብ ስዊዝ ዝተነጽገ እዩ። ነሱ ብከቢድ ናይ ስነ ኣእምሮ- ሕማም ይሳቐ ኔሩ፣ በቲ ናይ ብድሌትካ ምምላስ ቿብል ምክን ንኤርትራ ተመሊሱ። ንበይኑ ብባቡር ጌሩ ንጀነፍ ክጓዓዘሉ ኣብ ዘይክእለሉ ኩነታት እዩ ኔሩ። እዚ ድማ መጨረሻ ዓመተ 2019 እየ ኔሩ - ካብዚ እዋን ኣዚ ጀሚሩ እዞም ክልተ ሰባት ኣብ ስዊዝ ምስኡ ዕርክነት ዝነበሮም ታሪኹ ድማ ብተናጽል ዘዕለሉና፣ ዳሃዩ የብሎምን።
- እታ ካላኣይቲ ተመላሲት ጓል-ኣንስተይቲ እያ፣ ነሳ'ዉን ብዓመተ 2019 ብድሌታ ንኤርትራ ተመልሰት። ነሳ ቀቅድሚ ምኻዳ <<ሓሙሽተ ሚእታዊ ጥራሕ እየ ጽቡቕ ስሚዒት ዘለኒ>> ኣብ ኤርትራ ዋላ ሓንቲ ከየጓንፍኒ፣ ትብለና። ነሳ ኣብ መጀመርታ ጥሪ ሓንቲ ሓጻር ጽሑፍ ትጽሕፍ፡ <<ኣምላኽ ይመስገን ክሳብ ሕጂ ኩሉ ኣማን እዩ ዘሎ።>> ድሕሪኡ ግና ንዝቐረበላ ሕቶ ኣይመለሰትን፣ እቲ ቅድሚኡ ብብዝሒ ትጽሕፎ ዝነበረት ናይ ፌስ-ቡክ ተሳትፎኣ ጠጠዉ ኢሉ።

ሰለስተ ካልኦት ሰባት ንመጀመርታ ካብ ስዊዝ ንኤርትራ ዝተመልሱ ድሒሮም ድማ እንደገና ካብ ሃገር ተሰዱ፡

- ሓደ ካብኣቶም ተስፋይ እዩ፣ እቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብኣካል ታሪኹ ከዕልለና ዝኸኣለ።
- ሓደ ኻልእ ሰብኣይ ኣዉን ብዓመተ 2016 ንኤርትራ ተመልሰ፣ ኣብኡ ድማ ኣብ ሓደ ነዉራም ዝኾነ እስራ-ቤት ተኣሲሩ ኔይሩ ድሓር ግና እንደገና ኣብ መንጎ ኣዋርሕ ሓምለን ጥቅምትን 2019 ከምቲ መሰኻኽር ዝብልዎ ዶብ ሰጊሩ ኣብ ኢትዮጵያ ይርከብ - ድሓር ግና ብምኽንያት ከቢድ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕማም ብቤተሰቡ ተወሲዱ ንኤርትራ ተመልሰ።
- እቲ ናይቲ ሓሙሻይ ተመላሳይ እቲ ቐንዲ ዘጨንቕ ጉዳይ እዩ። ዩናስ ንበሎ። ነሱ ኣዚ ትንታኔ ኣብ ዝወጸሉ ዘሎ እዋን ኣብ ሓንቲ ናይ ኤዉሮጳ ሃገር ይርከብ፣ ኣብ ሓጺር ግዜ ድማ እንደገና ንስዊዝ ክኣቱ ይትስፎ። ነሱ ኣብ ተለፎን ይብል፡ ብቐጥታ ድሕሪ ምምላሱ ከም ዝተኣስረን ከም ዝተሳቐየን ይሕብር።

# <<ዳሓር ድማ ኣብ ሓደ ወንበር ኣሲሮምኒ>>

ዮናስ ኣብ ስዊዝ ክነብር እንከሎ ዑቅብኡ ከም ዝተነጽገን ብምኽንያት ፈተነ ነብሰ-ቅትለት'ዉን ኣብ ሆስፒታል ከም ዝነበረ ፍሉጥ እዩ። ብምኽንያት ዝነበሮ ጽቅጠትን ቀቢጸ ተስፋን ብድሌቱ ንኽምለስ ከም ዝወሰነ ፍሉጥ እዩ፣ ነሱ ኣብቲ ብዛዕባ ምምላስ ዘማኸሩ ናይ ካንቶን ዙሪክ ከም ዝነበረን ብዓመተ 2017 ካብ ዙሪክ ብኢስታንቡል ኣቢሉ ንኣስመራ ከም ዝኣተወን ፍሉጥ እዩ።

ዮናስ ይብል፣ ኣብ ኣስመራ መዕርፎ ነፈርቲ ክልተ ሰባት ናይ ኤርትራ ሃገራዊ ድሕነት ከም ተቀበልዋን፣ ድሕሪ ምምርማሮም ድማ ዳርጋ ናይ 20 ደቂቕ ናይ ማኪና ጉዕዞ ኣብ ዝርከብ ገዛ ከም ዝወሰድዎን ይሕብር። ኣብኡ ድማ ኣብ ሓንቲ ሽላ ንበይኑ ተኣሲሩ ኔሩ፣ ብዙሕ ግዜ ተመርሚሩን ተቀጥቂጡን። <<ኣነ ኣብ ጀነብ ኣብ ሓደ ሰለማዊ-ሰልፊ ከም ተሳተፍኩ ይፈልጡ ኔሮም፣ እስኻ ልኡኽ ሰላዩ ናይ ተቋወምቲ ኢኻ ኢሎም ድማ ኣወንጂሎምኒ>>፣ ይብል ዮናስ። <<ዳሓር ድማ ኣብ ሓደ ወንበር ኣሲሮም ቀጥቂጦምኒ።>> ከምኡ'ዉን ሓደ ብቁልፊ ጊሩ ኣብ ኣብ ሕቆይን ምንኩበይን ሃሪሙኒ፣ እቲ ካልኣይ ድማ ብበትሪ ጊሩ ኣብ ርእሰይን ኣእጋረይን ሃረመኒ። ዳርጋ ድሕሪ ክልተ ሰሙን ኣብ ናይ ዓዲ-ኣቤቶ እስሪ ቤት ኣምጽኡኒ፣ ካብኡ ድማ ክሃድም ክኢለ ይብል።

# እዚ ናይ ዮናስ ተረኺቦ ክህሉ ኣይነበሮን

ዋላ'ኳ እቲ ዮናስ ዝብሎ ሓቂ እንተ ኾነን ከምኡ'ዉን ድሕሪ ምምላሱ ብሓቂ እንተ ተኣሲረን እንተ ተሳቀየን፣ ነቲ ነሱ ዘዕልሎ ብልክዕ ክተጻርዮ ከቢድ እዩ። ዮናስ እንደገና ንስዊዝ እንተ መጸ፣ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ነቲ ናቱ ታሪኽ ከኣምኖ ድዩ ወይስ ከይኣምኖ ክዉስን ኣለዎ። እንተ ዳኣ ኣሚንዎ፣ ነቲ ናይ ስዊዝ ናይ ዑቅባ ኣተገባብራ ሳዕቤን ክህልዎ እዩ - ብዛዕባ እዚ ድሒርና ክንገልጽ ኢና። እዚ ከምዚ ዓይነት ናይ ዮናስ ጉዳይ ክህሉ ኣይነበሮን።



እሱራት ኣብ ዉሽጢ ቀጽሪ እስሪ-ቤት ዓዲ-ኣቤቶ ዘርኢ ናይ ሳታላይት ኣሳእል እዩ። እብዚ ብዝያዳ እቶም ክሃድሙ ዝተረኽቡ ሰባት ዝእሰሩሉ ቦታ እዩ

መንግስቲ ስዊዝ ነቶም ንኤርትራ ዝተመልሱ ሰባት ከም በዓል ተስፋይን ዮናስን ብመሰረቱ ከም ከደዓት ከም ዘይቁጸሩን በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ቀይዲ ከም ዘይዳጎኑንን ጌራ እያ ትወስዶ። መቅጻዕቶም <<ክሳዕ ክንድቲ ከቢድ>> ከም ዘይኮነ እቲ ናይ ፌደራል ናይ ምምሕዳር ፍርዲ ቤት ይረኽቦ።

እዚ ንሕና ኣብዚ ብዳግማይ ዝሰራዕናዮ ታሪኽ ነዚ ዓይነት ርኢቶ ይቋወም እዩ። እዚ ድማ ብድሌትካ ንኤርትራ ምምላስ ኣጸጋሚ ኣይኮነን ክብሃል ኣይክእልን እዩ። ዮናስ ኣብ ኤርትራ ብሓቂ ስቃይ ኣብ ርእሲኡ ወሪድዎ እየንተኾነ፣ ስዊዝ ንዑኡ ንዓዱ ብምምላሶም ነቲ ንምስቃይ ዝኽልክል ዓንቀጽ 3 ናይ ኤዉሮጳ ናይ ሰብኣዊ-መሰል ዉዑል ጥሒሶም ማለት እዩም።

ሳራ ፍረህነር፣ ናይ ስዊዝ ኣማኻሪ ትካል ንስደተኛታት ናይ ሕጊ በዓልቲ ሞያ ዝኾነት፣ ምስቲ ናይ ስሪላንካ ብ2013 ዝተረኽበ ኩነታት ክተዛምዶ ትኽእል፡ ኣብቲ እዋን እቲ ክልተ ደቂ ስሪላንካ ካብ ስዊዝ ንዓዶም ተጠሪዞም ድሕሪ ምምላሶም ድማ ተኣሲሮምን ተሳቂዮምን። በዚ ምኽንያት ድማ ቤት ጽሕፈት ናይ ስደተኛታት ንግዚኡ ንኸይምለሱ ወሲና። <<ኣብዚ ዝሓለፈ ግዜ ስዊዝ ነቲ ኩነታት ናይ መበቆል

ሃገራት ብልክዕ ክትመዝኖ ስለ ዘይከኣለት እቲ ምምላስ ዘስዓቦ ጸገማት ከም ተጸበይዎ ኣይነበረን።>> ትብል ሳራ ፍረህነር። ከምቲ ናይ ስሪላንካ ኩነታት እዉን ንኤርትራ ብዝምልከት’ዉን ኣብ ግዜ ምምላስ ሓደጋ ከም ዘሎ ሓበሬታ ኣሎ። <<እቶም ተመለስቲ ኣብ ሓደጋ ንኸይወድቁ፣ እቲ ቤት ጽሕፈት ናይ ስደተኛታት ነቲ ተግባራቱ ዳግመ ርኢቶ ክገብረሉ ኣለዎ።

# መንግስቲ ስዊዝ ብዙሕ ዝፈልጥዎ የብሎምን

መንግስቲ ስዊዝ ጥልቂ ኣፍልጦ ብዛዕባ እዚ ጉዳያት ከይሓዘ ርግጸኛ ዝኾነ ርኢቶ ብዛዕባ ነዚ ኣብ ርእሲ ተመለስቲ ኤርትራዉያን ወሪዱ ዝበሃል ዘሎ ዉንጀላ ክህብ ኣይደለየን። ብመሰረቱ ኣፈኛ ናይ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ዳንኤል ባኽ ከም ዝበሎ፣ ዝኾነ ዝተሓተ ዑቅባ ብጥንቃቄን ብዉልቃዉነትን ክምርመር ኣለዎ፣ <<ነቲ ብሓቂ ከንጸላሉ ዝኽእል ሓደጋ>> ምእንቲ ከይፍጸም። በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ እዋን መንጸግቲ ምምላስ ዝካኣልን ንጽበዮን እዩ፣ ክበሃል ይካኣል ይብል።

ብገምጋም ናይ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ሕጂ’ዉን እቲ ሓቅነት ኣይተቀየረን <<ነሶም ብዛዕባ ዝተመልሱ ሰባት ብዙሕ ኣፍልጦ የብሎምን።>> እቲ ዉሳኔ ናይቶም መንግስታዊ ትካላት ኣብቲ ሕጂ ዘገልግል ዘሎ ናይ ዑቅበኛታት ልምድን ከምኡ’ዉን ኣብ ሃገራዉን ዓለም-ለኻዉን ሕግታት ዝተመርኮሰ እዩ። ብዛዕባ እቶም ተነጺጎም ንኤርትራ ተመሊሶም ብዘይ ጸገም ዝነብሩ ዘለዉ’ዉን ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ድሕሪ ዝቀረበሉ ብዙሕ ሕቶታት ዝተሰነደ መርትዖ ከቅርብ ኣይከኣለን።



ኢትዮጵያ ንነዊሕ እዋን ምስ ኤርትራ ኣብ ኲናት ኔራ፣ ሎሚ ግና እታ ሃገር ኣብ ከባቢ ኣዲስ ኣበባ ንብዙሓት ኤርትራዉያን ተጽልል።

ቤት ጽሕፈት ናይ ስደተኛታት ባዕሉ ኣብቲ ናቱ ናይ ኤርትራ ጸብጻብ ከምዚ ይብል፡ ኣብ ርእሲ እቶም ስግረ-ዶም ዝወጹ ኤርትራዉያን ኣብ ዝምለሱሉ እዋን ከቢድ ሳዕቤን ይጽበዮም ይብል። ኣብ ገጽ 65፡ <<ገለ ሰባት ተኣሲሮም ኣብ መደበር ፖሊስ ወይ’ዉን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዋና ከተማ ኣስመራ ኣትዮም።>> ይብል። ወይ’ዉን ኣብ ገጽ 60፡ <<ሓደ ካልእ ምንጪ ድማ ብዛዕባ ናይ ዝተመልሱ ኩነታት ይፈልጥ (...), ድሕሪ ምምላሶም ኣብ ሓጺር ግዜ ዝተኣሰሩ። ከምቲ ሓበሬታ ዝብሎ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምርመራ ተኻይድሎምን ተሳቅዮምን ድሒሮም ድማ ኣብ ዉትህድርና ይላኣኹ፣ ገለ ካብኣቶም እንደገና ካብ ሃገር ሃዲሞም።>>

ስለምንታይ እሞ ናይ ስዊዝ መንግስታዊ ትካላት እንዳፈለጡ ኣብ ምልካዉነትን ስቃይን ዝገዝኣሉ ቦታ ዝመልሱ? እቲ መልሲ ናይ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ኩሉ ግዜ ሓደ ዓይነት እዩ፡ እቲ ዉልቃዉነት እዩ ዝምርመር። ዝንጸጉ እቶም ዑቅባ ዝሓተቱን ዝኾነ ጭቡጥ ሓደጋ ክወርዶም ዘይክእልን ብቑዕ ምኽንያት የብሎም ተባሂሎም ንዝተኣመነሎምን እዩ።

ብሓጺሩ ከምዚ ማለት እዩ፡ ናይ ስዊዝ መንግስታዊ ትካላት ዝኾነ ዓይነት ብዛዕባ እቶም ካብ ስዊዝ ዝተመልሱ እሞ ኽኣ ደሃይ ዘይብሎም ዝተሰነደ ጉዳያት የብሎምን። ነሶም ነቶም ዝተመልሱ ክቆጻጸርዎም ዝከእልሉ ኩነታት የለዉን።

ዝኾነ ኾይኑ ግና ስዊዝ እቲ ናይ ዑቅባ መስርሕ ኣጸንኪራቶ ነቶም ብድሌቶም ዝምለሱ ድማ ከም ዘገልግል ምርጫ ጌራ ወሲዳቶ።

እዚ ኹሉ ድማ ሕቶታት ዘቀድም እዩ፡ እቲ ቤት ጽሕፈት ናይ ስደተኛታትን ናይ ፌደራል ናይ ምምሕዳር ቤት ፍርድን እኹል ዝኾነ ኣብፍልጦ ብዛዕባ ኩነታት ኤርትራ ኣለዎም’ዶ? ነቲ ነሶም ክመልስዎ ዝደልዩ ሰብ ኣብኡ ክሳዕ ክንደይ ሓደገኛ ምዃኑ ክግምቱ ይኽእሉ’ዶ? ከመይ ጌራ እያ ስዊዝ ነሓደ ሰብ ክትመልሶ ትደሊ እንተ ዳኣ ብዛዕባ እቶም ዝተመልሱ ብዘይ ጸገም ከም ዝነብሩ ዝኾነ ኣብነት እንተ ዘይብላ? ኣብ ትሕቲ እዚ ኩነታት’ከ ይካኣል’ዶ ነቶም ብድሌቶም ዝምለሱ ንኽተተባብዖም? ስለምንታይ ድኣ እዮም ናይ ስዊዝ መንግስታዊ ትካላት፣ ዳሃዮም ክገብሩ ዝኽእሉ እንተኾይኖም ብዛዕባ እቶም ዝመለስዎም ብዙሕ ኣፍልጦ ዘይብሎም?

ናይ መጨረሽታ ሕቶ ንተስፋይ፣ ቅድሚ ካብ ሆቴል ወጺኡ ናብ ደብሪ ምምላሱ፡ <<ድሕሪ ምምላስካ ካብ ስዊዝ ዝኾነ ንዓኻ ክረኽበካ ዝፈተነ ኣሎ’ዶ?>> <<ኣይፋል፣ ዝኾነ ዝፈተነ የለን።>>

*ኩሉ ኣሽማት ተቀይሩ*

<u>ንግሉጽነት ዘኣክል፡ ከመይ ጌርና ነዚ ዕላል ክነረጋግጾ ከም ዝኻኣልና</u>

ተረኽቦታት ኣብ ስዊዝ ብሓገዝ ናይ ሰነዳት ወይ ድማ ብተወሳኺ ሓበሬታ ናይ መሰኻኽርን ክረጋገጽ እንከሎ፣ ኣብ ኤርትራ ዝተገብረ ነገራት ግና በቶም ግዳይ ዝኾኑ ሰባት ጥራሕ እዩ ክረጋገጽ ዝከኣል። ነዚ ሓቅነቱ ንምርግጋጽ ድማ ኣብ ኣርባዕተ ቅጥዕታት ተመርኲስና፣ እዚ‘ዉን እቲ ቤት ጽሕፈት ናይ ስደተኛታት ዝጥቀመሉ እዩ።

- ○ ንጹርን ዝርዙርን
- ○ ተቀባልነት ዘለዎ (ዝሰማማዕ፣ ዘይጋጮ)
- ○ ዘዕግብ ዕላል ከምውን ተኣማንነት ናይቲ ሰብ

ተስፋይ ምሳና ንኽዛረብ ድሌት ኣይነበሮን። እንተኾነ ግና ገይርዎ ምኽንያቱ ድማ እንደገና ካብ ኤርትራ ከም ዝሃደም ተኣማንነት ምእንቲ ክህልዎ። እዚ ድማ ምናልባት እቲ ወዱ ኣንጻር ናይ ዑቅባ መንጸግቲ ይግባይ ኢሉ ዘሎ ኣሉታዊ ጽልዋ ይህልዎ ይኸዉን‘ዶ ብዝብል እዩ።ንሱ ከም ሰብ ዝእመን እዩ፣ ዘዕግብ ዕላልን ብዝርዝርን ንጹርን ብዘይ ምግጫዉን ይትርኽ።

እቲ ራባዓይ ተመላሳይ ኣብ ኤርትራ ኣብ ቐይዲ ዝነበረ፣ ድሒሩ‘ዉን ኣብ ኢትዮጵያ ዝነብር ዝነበረ ዳሓር‘ዉን ብቤተሰቡ ንኤርትራ ከም ዝምለስ ዝተገብረ፣ ጌጋ ሓበሬታ ንኽህብ ዝኾነ ዘተባብዕ ምኽንያት የብሉን፣ ነሱ ምስ ብዙሓት ዝእመኑ ሰባት ኣብ ስዊዝን ኣብ ኢትዮጵያን ብዛዕባ ማእሰርቱ ተዛሪቡ። ክልተ ካብኣቶም በበይኖም ብኣካል ከም ዘሓበሩና እቲ ታሪኽ ተኣማንን ዝሰማማዕን እዩ።

ነቲ ናይ ዮናስ ዕላል ንኽነረጋግጽ እቲ ዝበዝሔ ግዜ ወሲዱልና። ንመጀመርታ እቲ ሓበሬትኡ ብፍሉይ ዘካትዕ እዩ። ብኻላኣይ ድማ ነሱ ካብቶም ተመለስቲ ንብይኑ ጌጋ ሓበሬታ ንክህብ ዘበራትዕ ምኽንያት ዘለዎ እዩ። እንተ ዳኣ ነቲ ቤት ጽሕፈት ናይ ስደተኛታት ድሕሪ ምምላሱ ከም ዝተኣስረን ከም ዝተሳቀየን ከእምኖም እንተ ኪኢሉ ነቲ ኣብ ስዊዝ ናይ ዑቅባ ተቀባልነት ንኽረክብ ልዑል ክገብሮ ምኽኣለ ኔሩ።

ዮናስ ኣብቲ ኣብ ስዊዝ ዝነበሮሉ ግዜ ዘዕልሎን ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ምምላሱን፣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምእታዉን ቀጺሉ ምህዳሙን ተቀባልነት ዘለዎ ኣለዎ። ነቲ ቁሩብ ዝገራጮን ዘይበርሄን ነገራት ድማ ኣብ ዳግማይ ሕቶ ከነጽሮ ይፍትን ወይ‘ዉን ንኽመን ብዘጸግም ኩነታት ይገልጾ።

ሓደ ኣብነት፡ <<ኣነ ኣብ ቐይዲ ኣብ ዝነበርኩሉ ግዜ ኣብ ናይ ጭንቀት ኩነታት ኔረ። ኣብኡ ክንደይ ከም ዝጸናሕኩ፣ ይመስለኒ ሓደ ሶሙን፣ ኣነ ብዙሕ ክዝክር ኣይክእልን።

ዮናስ እቲ ናይ ዓዲ-ኣቤቶ ቤት ማእሰርቲ ኣበይ ከም ዝርከብን ካቡኡ በየን ከም ዝኸየድን ብግቡእ ይገልጾ። ናይ ዕላል ባህርያቱ ዝርዝራዊ ኣይኮነን፣ ዳግማይ እንተ ተሓተ ግና ነቲ ተረኽቦን ቦታን ብንጹር ይገልጾ።

<<ኣብ ሓደ ገዛ ኣእተዉኒ፣ ኣእዳወይ ብድሕሪት ኣብ ሓደ ወንበር ኣሰሩኒ። ገጾም ሸፉን ኔሩ፣ እቲ ሓደ ቑልፉ ስሒቡ ብኡኡ ጌሩ እንዳ ሃረመኒ፣ እቲ ካላኣይ ድማ ሓንቲ ኣብቲ ገዛ ዝነበረት በትሪ ወሲዱ ኣብ ሕቆይ ሃረመኒ።>>

እንተ ዳኣ ንሓንቲ ሕቶ ክምልስ ዘይካኣለ፣ ነዚ ብዝምልከት ብቑዕ ምኽንያት ይህብ፣ ንኣብነት ከም፡ <<ጸልማት ኔሩ፣ እታ ማኪና ብደገኣ እንታይ ከም ትመስል (እታ ንዑኡ ካብ መዕርፎ ነፈርቲ ዝወሰደቶ) ብልክዕ ክዛረብ ኣይክእልን እየ።>>

ብዉሽጢ'ኸ ከመይ ትመስል? <<ክልተ ክፍሊ ኣለዋ፣ ብቅድሚት እቲ መራሒ መኪና ብድሕሪት ድማ ከም እስሪ-ቤት እያ። ነዓይ ኣብቲ መስኮት ዘይብሉ ናይ እሱራት ክፍሊ ኣእተዮምኒ።>>

እንተ ዳኣ መልሲ ክኸዉን ዝኽእል ተዋሂብዎ፣ ኣይቅበሎን፣ ነቲ ንዑኡ ዝራኣዮ ድማ ይዛረብ።

እንታይ ይመስሉ፣ ቑመቶም'ከ? ጸጉሪ ርእሶም ምሉእ ድዩ፣ ረጎድቲ፣ ቀጠንቲ? <<እቲ ሓደ ሓንቲ ጸላም ቆብዕ ተኸዲኑ ኔሩ፣ ቑሩብ ብርሒ ከምዝነበሮ ክርኤ ይካኣል። ነሱ ቁሩብ ሕጽር ኢሉ እዩ። እቲ ካልኣይ እዉን ሰማያዉን ሰላምን ቆብዕ ተኸዲኑ ኔሩ።

ብተወሳኺ ታሪኹ ብመሰረቱ ተኣማንነት ኣለዎ። ሓደ ዝተመልሰ ካብ መዕርፎ ነፈርቲ ብቐጥታ ክእሰር ከም ዝኽእል ኣብቲ እዋናዊ ሓበሬታ ናይ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ብዛዕባ ኤርትራ ሰፊሩ ይርከብ።  እቲ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘኣቱ እንተሎ፣ እቲ ካብ እስሪ-ቤት ዓዲ-ኣቤቶ ምህዳም እዩ። ዮናስ ነዚ ከምዚ ዝስዕብ ይገልጾ፣ ሓደ ዋርድያ ብለይቲ ነቲ ናይ ሸላ ማዕጾ ከፊቱ ከሃድም ከም ዘሓገዞ ይገልጽ. እዚ ብዓይኒ ናይ ሞያዉያን ዘይተለምደ እዩ፣ ዘይካኣል ግና ኣይኮነን።

ብዘሎ ራሕቂ ምኽንያት (ብዙሕ ናይ ተለፎን ዝርርብ) ናይቲ ሰብ ተኣማንነት ንኽግመት ከቢድ እዩ። ተግባሮም ግና ምስቲ ቅጥዕታት ናይ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት (ዘይእመን ባህርያት) ኣይሰማምዕን እዩ።